**Office cantonal**
**d'orientation scolaire et**
**professionnelle**

ናብ ወለዲ ናይ

Réf. : ESa/JV/est

Lausanne፣ 18 መጋቢት 2019

ናብ ዝኸበርኩም ሰባት፣ ክቡራት ወለዲ፣

ናይ ቤት-ትምህርቲ ግዴታ ውላድኩም ኣብ ሓምለ እዩ ዝውድእ። ውላድኩም ድሕሪ ቤት-ትምህርቲ ከመይ ከምዝቕጽል እንተ ደኣ ዘይተወሰኑ (ቦታ ትምህርቲ ሞያ፣ መጽናዕቲ ዩኒቨርስቲ ወይ ካልኦት መደባት)፣ ዝስዕብ ኣከያይዳ ኢና ንመኽረኩም፦

- ቆልዓኹም ኣብ ምድላይ ቦታ ትምህርቲ ሞያ ቀጺልኩም ትሕግዙ። ኣብ መርበብ ኢንተርነት www.vd.ch/orientation ►*Chercher une place d'apprentissage* ሓበሬታ ብዛዕባ ኣከያይዳ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ነጻ ቦታታት ኣብ ሃገይ 2019 ክትወሃቡ ኢኹም።
- ዕድል ቆልዓኹም ቦታ ኣውስቢልዱንግ (ሞያዊ ትምህርቲ) ንክረክብ ተደሪቱ ከምዝኾነ እንተ ደኣ ትሓስቡ፣ ዝሕግዝን ዘሰንን ስጉምትታት ንክትቕበሉ ሕቶ ከተቕርቡ ትኽእሉ። ምስዚኦም ናይ ምሉእ ግዜ ስጉምትታት እቲ ቆልዓ ሞያዊ፣ ግላዊ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ክእለታቱ ከመሓይሽ/ክምዕብል ይኽእል ከምኡድማ ናይ ትምህርቲ ፍልጠቱ ኩሉ ግዜ ክሕድሶ ይኽእል፣ መእተዊ ሞያዊ ትምህርቲ መታን ክዳሉ።

**ናይ ሓገዝን ምስናይን ስጉምትታት (ናይ ምስግጋር ስጉምቲ 1) ንክትቕበሉ ሕቶ ከተቕርቡ እንተደሊኹም፣ እቲ ዝስዕብ ግበሩ ኢኹም ብኽብረትኩም፦**

1) «Mesures de transition 1, Demande d'admission 2019» ዝብል ቅጥዒ ኣብ መርበብ ኢንተርነት www.vd.ch/orientation ► TRANSITION 1 Demande d'admission ምልእዎ ኢኹም።

2) እቲ መሊእኹሞ ዝነበርኩም ቅጥዒ ምስቲ ዝተጠለቡ ጥብቆታት ኣብ ቅድሚ መምህር ክላስ ክሳብ

**ዓርቢ፣ 5 ሚያዝያ 2019፣ ከይደንጎኹም ኣቕርቡ ኢኹም።**

ንሞያዊ መጻኢ ቆልዓኹም ዝምልከቱ ጉዳያት፣ ኣብ ኩሉ ቤት-ትምህርቲ ሞያዊ ወይ ንትምህርቲ ዝምልከት ኣእምሮኣዊ ምምኻር ክትወሃቡ መሰል ኣለኩም።

ናይዚ ምስትውዓልኩም ነመስግነኩም ኢና።

ምስ ብሩኽ ሰላምታ

Centre OSP

ሓላፊ/ሓላፊት ማእከል

► Përkthimin e kësaj letre mund ta gjeni në sitin e orientimit :

► Eine Übersetzung dieses Schreibens finden Sie auf der Website der Berufsberatung :

► You can find a translation of this letter on our Website :

◄ تتوافر الرسائل المترجمة إلى عدة لغات على موقعنا الإلكتروني:

► Podrá encontrar una traducción de esta carta en nuestro sitio web :

► Troverete una traduzione di questa lettera sul sito di orientamento :

► Podem também encontrar uma tradução desta carta no nosso sítio de internet :

► Prevod ovog pisma se nalazi na našoj veb strani :

► እዚ ዝተተርጐመደብዳበ ኣብ ናይ ምምካር ሞያ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽብዎ :

► Bu mektupların değişik dillerde çevirilerini Internet sitemizde bulabilirsiniz :

**Les lettres traduites dans différentes langues sont disponibles sur notre site Internet :**

**www.vd.ch/orientation** ➡ **« Nos publications »**